




# ምፍኳስ ማሕበራዊ ቀይድታት ብመንጽር ተኽእሎታት 2ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19

## Exiting the lockdown (social restriction measures) and the possibilities of 2nd wave COVID-19 pandemic

ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ኣዋርሕ ክኢላታት ለበዳ ሕማም (epidemiologists) ብዝሃብዎ ሓበሬታ መሰረት፡ መራሕቲ ሃገራት ዓለም ኣብ ቃልሲ ኣንጻር እዚ ለበዳ ብዕቱብ ክርእይዎን ግብራዊ ስጉምትታት ክወስዱን ተራእዮም እዮም። ኣብ መጀመርታ እዋን ናይዚ ለበዳ ብዙሕ ግምታዊ ቁጽርታት መልከፍቲ፡ ዝርግሐ ለበዳ ዝገልጹ ግራፍ፡ ከጋጥም ዝኽእል መጠን ሞት ከምኡ'ውን ቅኑዕ ስጉምቲ (ርሕቀትካ ምሕልውን፡ ምዕጻውን) እንተተኸቲልና ዘሎ ተኽእሎታት ምጉዳል ሓድሽ መልከፍቲ ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ርኢና ኣለና።

እዞም ግራፍ ዋላ'ኳ ግምታውያን ይንበሩ እምበር፡ ምስዚ ኣብዚ ሕጂ እዋን ተመዝጊቡ ዘሎ ቁጽሪ መልከፍቲ፡ ከምሳዕቤኑ ዝሞቱ ግዳያትን ዝርግሐ ለበዳ ብደረጃ ዓለም ኣዝዩ ተቐራራቢ እዩ።
ኣብዚ እዋን ሓድሽ ምልከፍቲ፡ ቁጽሪ ኣብ ሆስፒታል ዝደቀሱ ሕሙማት፡ መስተንፈሲ ዝጥቀሙ ሕሙማት ከምኡ'ውን መጠን ሞት ክጎድል ጀሚሩስ ኣሎ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት እቲ መጀመርታ ተገሚቱ ዝነበረ ማዕበል ለበዳ ሕማማ ዝለዓለ ጥርዚ ሒዙስ፡ ድሮ'ኳ ካብ ምጅማር ወርሒ ሚያዝያ ኣትሒዙ ናይ ምጉዳል ምልክታት ክርኢ ጀሚሩ ኣሎ።



ስለዚ፡ ማዕበል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ጎዲሉ፡ ዝበዛሕና ብህይወት ተሪፍና ዘለና ናብ ንቡር መዓልታዊ ዋኒንና እንምለሰሉ ግዜ ኣኺሉ ማለት ድዩ፧

ኣይፋሉን፡ ህውኽ ኢልካ እትውስኖ ኣይኮነን

መብዛሕትኦም ቅድሚ ሕጂ ዝተመዝገቡ ለበዳታት (ናይ 14 ክ.ዘ Black Death of bubonic and pneumonic plague ከምኡ'ውን ናይ 18 ክ.ዘ ሕማም በዲዶ (smallpox) ካብ ሓደ ንላዕሊ ማዕበል ዝተራእየሎም እዮም ኔሮም። እቲ ኣብ 5ይ ክ.ዘ ዝተራእየ ናይ መጀመርያ ለበዳ ሕማም'ውን እንተኾነ ሰለስተ ማዕበላት ዝተራእዮ እዩ ኔሩ (430፡ 429 ከምኡ'ውን ካብ 427 ክሳብ 426 ቅ.ል.ክ)።

መብዛሕትኡ ግዜ ካልኣይ ለበዳ ካብቲ ቀዳማይ ኣዝዩ ዝኸበደ ሳዕቤን የኸትል።

ካልኣይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ከየጋጥም ስግኣት ዝፈጥረልና ቀንዲ ምኽንያት፡ ብዓቢኡ ኣብዚ እዋን እቶም ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ሓውዮም፡ ካልኣይ መልከፍቲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ (antibody) ዘማዕበሉ ኣዝዮም ውሑዳት ብምዃኖም እዩ። እዚ ንመልከፍቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣብ ዝበዝሐ ኣካል ሕብረተሰብ ምስዝርአ እቲ ጠንቂ ሕማም ዝኾነ ቫይረስ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ንኽሰጋገር ዘለዎ ዕድል ይጸብብ፡ በዚ ድማ ለበዳ ሕማም ይጎድል። እዚ መልከፍቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ሓባራዊ ዓቕሚ "herd immunity" ይበሃል። እንተኾነ ግና ኣብዚ እዋን እዚ ሕማም ናይ ምክልኻል ሓባራዊ ዓቕሚ ኣይተበጽሐን ዘሎ፡ ንኣብነት እታ ኣብዚ እዋን ዝኸበደ መልከፍቲ ሕማም ከምዘጋጠማ ዝንገረላ ከተማ ኒው ዮርክ፡ ክሳብ

ሕጂ 21% ካብ ጠቕላላ ነበርታ ጥራይ እዮ መልከፍቲ ከምዘጋጠሞም ተመዝጊቡ ዘሎ።

*መልከፍቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ሓባራዊ ዓቕሚ "herd immunity" ንምብጻሕ፡ ሓንቲ ሃገር ብገምጋም 60% ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝባ በዚ ሕማም ተለኺፉ፡ ድሒሩ ድማ ጠቕላላ ዝሓወየ ኮይኑ ክምዝገብ ይግባእ።

ኣብ ገዛኻ ምዕጻው ዝብል ትእዛዝ መንግስቲ ምስተላዕለ፡ ሰብ ነናብ ዋኒኑ ክኸይድን ተማሃሮ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ምስ ጀመሩ መልከፍቲ ሕማም ኮነ መጠን ሞት ኣይውስኽን'ዩ ዝብል መረዳእታ (መደምደምታ) ክትሕዝ ዘኽእል ኣይኮነን። ብርግጽ'ውን ኣብ ገለ ሃገራት ኤስያ (Singapore፡ Northern China) ምቕልቓል ናይዚ ኩነት ይርአ ከምዘሎ እዩ ዝዝረብ።



ንምንታይ እዩ ማዕበላት ለበዳ ሕማም ዝርአ (ዘጋጥም)፧

ተኽእሎታት ክስተት 2ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ንምግማት ቅልጡፍ ምልውዋጥ ባህሪ ሕማም ምጽናዕ ኣገዳሲ እዩ። እዚ መጽናዕቲ፡ ሓይሊ (ብርትዐ) ዕማም ምክልኻል መልከፍቲ ከምኡ'ውን ንኽንደይ ዝኣክል ግዜን ዝርግሐን ከምዝተኻየደ ብምርኣይ'ውን ተኽእሎታት 2ይ ማዕበል ንምግማት ይሕግዝ።

ይኹን እምበር እዚ ኣዝዩ መሰረታውን ግምታዊ ዝኾነ መረዳእታ ጥራይ እዩ ክህበና ዝኽእል። እዚ ዝኾነሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ (ቀላ'ኳ ኩሉ ግዜ ኣይኹን እምበር) ባህርያት ወዲሰብ ኣብ ምክልኻል መልከፍቲ ሕማም፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ሓቅታት ከምኡ ድማ ህዝቢ ትእዛዝ (ሓበሬታ) ሰብ መዚ ጥዕና፡ መንግስትን ማዕከናት ዜና ብኸመይ የመስርሖ ዝብሉ ዓበይቲ ነጥብታት ኣብ ግምት ዘየእቱ ምኻኑ እዩ።

ብዛዕባ ምጉዓል መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ዝዝረበሉ እዋን፡ ምንቁልቋል እቲ ንዝርግሐ ለበዳ ዘርኢ ግራፍ ብዙሕ ግዜ ክጥቀስ ሰሚዕና ኣለና። እንተኾነ ግና ኣብ ታሪኽ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ሓንቲ ማዕበል ለበዳ ጥራይ ተራእዩ ዝሓለፈሉ እዋን ዳርጋ የለን። እቲ ዝዓበየ ሕቶ 2ይ ማዕበል መዓስ'ዩ ከጋጥም፡ ማዕረ ክንደይ እዩ'ኸ ከቢድ ክኸውን ዝብል ጥራይ እዩ።

ነዚ ንምምላስ እምበኣር፡

## 1. 2ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም እንታይ ማለት እዩ፧

ዝርግሐ (መልከፍቲ) ሓድሽ (novel) ቫይረስ ኣብ መላእ ዓለም (ለበዳ) ንውሑድ እዋን ዝግ ኢሉ ድሕሪ ምጽናሕ ከም እንደገና (ከም ብሓድሽ) ተርእዮታት ሰፊሕ ሽፋነ ዘለዎ መልከፍቲ ክረኣየሉ ዝጅምር ኩነታት 2ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## 2. 1ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ዝግ ዝብለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ፧

ለበዳ ሕማም ንግዜኡ ዝግ ዝብለሉ (ዝጎድለሉ) ብዙሕ ምክንያት እኳ እንተሃለወ፡ ግቡእ ጥዕናዊ ስጉምትታት (ኢድ ምሕጻብ፡ ማሕበራዊ ርሕቀት ምሕላው,,,ወ.ዘ.ተ) ምኽታል ብቐዳምነት ክጥቀስ ይከኣል። ብተወሳኺ፡ ጠንቂ ለበዳ ዝኾነ ቫይረስ ንዝበዝሑ ኣባላት ሓደ ሕብረተሰብ ምስዝለክፍ፡ እሞ ድማ እቶም ካብዚ ሕማም ሓውዮም ናጻ ዝኮኑ ንዳግማይ መልከፍቲ ዝከላኸለሎም ዓቕሚ ምስ ዘማዕብሉ፡ ብኡ መጠን ድማ መልከፍቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ሓባራዊ ዓቕሚ "herd immunity" ምስ ዝህሉን እዩ። እዚ፡ ቫይረስ ክይራባሕን ካብ ሰብ ናብ ሰብ ከይሰጋገርን ብምዕጋት ለበዳ ሕማም ከምዝጎድል ይገብር። እንተኾነ ግና ኣብዚ እዋን፡ እቶም ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ዝሓወዩ ብልክዕ ንኻልኣይ መልከፍቲ ዝከላኸል ዓቕሚ ኣማዕቢሎም ድዮም ወላስ ኣየማዕበሉን ዝብል ኣዝዩ ኣካታዒ ዛዕባ ኮይኑ ኣሎ። ልክዕ'ዩ ተርእዮ ዳግማይ መልከፍቲ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ክግለጽ ይከኣል'ዩ፡ ግጉይ ዝኾነ ውጽኢት መርመራ (ሓቂ ዘይኮነ ኣሉታ ወይ እወታ/false negative or positive)፡ ዳግማይ ምብርባር

ቫይረስ ኣብ ኣካላት ሕሙም ከምኡ'ድማ ተርፍ (ድርቅምቃም) ኣካላት ቫይረስ ግጉይ ዝኾነ እወታዊ (false positive) ውጽኢት መርመራ ውሑዳት ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ክግለጽ ይከኣል።

## 3. ዳግማይ መልከፍቲ ቫይረስ ከመይ ጌሩ (ስለምንታይ) እዩ ዘጋጥም፧

ዳግማይ መልከፍቲ ቫይረስ ብብዙሕ ክግለጽ ይከኣል'ዩ።

- ጉንፋዕ ከም ኣብነት እንተወሲድና፡ ዝሑል ኩነታት ኣየር ንደገሲ ሕማም ከጋድድ ይኽእል'ዩ፡ እዚ ምስ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ዘለዎ ምትሕሓዝ ኣብዚ እዋን ኣካታዒ እዩ ዘሎ።
- ብተወሳኺ ሓደ ቫይረስ ባህርያቱ ቀይሩ ከም እንደገና ክምለስ ይኽእል'ዩ።

ታሪኽ ከምዝሕብሮ 2ይ ማዕበል ለበዳ ጉንፋዕ ስፓኛ (1918) ብሰንኪ ምቕያር ባህሪ እቲ ጠንቂ ሕማም ዝኾነ ቫይረስ ከምዘጠመን፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ካብቲ 1ይ ማዕበል ዝበዝሐ ግዳያት ሞት ከምዘመዝገበን እዩ ዝፍለጥ። ሓደ ቫይረስ ባህርያቱ ቀይሩ ኣሎ እንብል፡ እቶም ኣቐዲሞም በዚ ሕማም ተጠቒዕም ድሕሪ ምሕዋዮም፡ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ (natural immunity) ዘማዕበሉ ሰባት ነቲ ቫይረስ ከለልይዎ ኮነ ክከላኸልዎ ኣብ ዘይክእሉሉ ደረጃ ምስዝበጽሑ'ሞ ዳግማይ መልከፍቲ ምስ ዘጋጥሞም እዩ።

- ካብዚ ሓሊፉ፡ ሓደ ቫይረስ ናብቶም ኣቐዲሞም ነዚ ሕማም ዘይታቓልዑ፡ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ድማ ዛጊት ዘየማዕበሉ ክፋል ሕብረተሰብ ክዝርጋሕ ምስ ዝጅምር። (ኣብዚ እዋን'ውን እንተኾነ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና WHO ብ 24 ሚያዝያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቶም ኣቐዲሞም በዚ ሕማም ተጠቒዮም ዝነበሩ እሞ ዝሓወዩ ውልቀ-ሰባት ካልኣይ መልከፍቲ ንምክልኻል ዝኽእሎም ዓቕሚ ኣማዕቢሎም እንተኾይኖም ርጉጽ ከምዘይኮነ እዩ ሓቢሩ)።

## 4. ኣብ እዋን ለበዳ ሕማም ሳርስ (SARS)

### ንምንታይ እዩ 2ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ዘየጋጠመ፧

- እቲ ኣብ 2002-2003 ዘጋጠመ ምልባዕ ሕማም ሳርስ ደረጃ ዓለማዊ ለበዳ ኣይበጽሐን
- ቀላ'ኳ ጠንቂ እቲ ሕማም ኮሮና ዝበሃል ዓይነት ቫይረስ ይንበር እምበር፡ ናይ ምልካፍ ዓቕሙ ካብዚ እዋናዊ ቫይረስ (ጠንቂ ኮቪድ-19) ኣዝዩ ዝተሓተ እዩ ኔሩ።
- መልከፍቲ ሕማም ኣብ ትካላት ጥዕናን ኣብቶም ምስ ኣካላዊ ፈሳሲ ሕሙም ጥቡቕ ርክብ (ምትንኻፍ) ዝነበሩ ሰባትን ጥራይ እዩ ዝያዳ ዝርአ።

ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብተደጋጋሚ ምልባዕ ዝተራእየሉ ሕማም ኤቦላ (Ebola) ከም ኣብነት እንተወሲድና፡ ቀላ'ኳ እቲ ጠንቂ እዚ ሕማም ዝኾነ ቫይረስ ልዑል ናይ ምትሕልላፍ ባህሪ ይሃልዎ እምበር፡ ስጋብ ሕጂ ዓለማዊ ደረጃ ለበዳ ኣየመዝገበን።

## 5. ተኽእሎታት 2ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም

### ኮቪድ-19 እንታይ ይመስል፧

ኣብ ቻይና ድሕሪ ዘጋጠመ ተርእዮታት ዳግማይ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19፡ ገለ ከተማምታት ናይ ምንቅስቓስ ገደብ ከም እንደገና ክእውጃ ተራእየን እየን። ዝበዝሐ ክፋል ዓለምና ኣብዚ እዋን 1ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ምምካት ተጸሚዱ ይርከብ። ነዚ ስጉምቲ፡ ምንቅስቓስ ብምውጋድ፡ ሰባት ካብ ገዛ ከምዘይወጹ ብምግባር ብዝሒ መልከፍቲ የጉድል እኳ እንተሃለወ፡ በንጻሩ ግና ዝበዝሐ ህዝቢ ዓለም ን 2ይ ማዕበል መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ቅሉዕ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ዝኾነሉ ድማ ብቐንዱ ህዝቢ ዳግማይ ናብ ንቡር ምንቅስቓስ ምስ ዝምለስ እዩ።

## 6. 2ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ብኸመይ ንከላኸሎ፧

ዓለማዊ ውድብ ጥዕና (WHO) ምልዓል ገደብ

ምንቅስቓስ በብደረጃ ክፍጸምን፡ውጽኢቱ ተዓዚብካ ድማ ናብ ዝለዓለ መስርሕ ክኸየድ ከምዝከኣልን እዩ ዝምዕድ። እዚ ይኹን ደኣ እምበር፡ ክኢላታት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከምዝብልዎ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት (ምዕጻው/ናጻ ምንቅስቓስ)፡ መልከፍቲ ሕማም ንምቕናስ ዝያዳ ኣብ ምምርማር ሕሙማትን፡ ምስ ሕሙም ቀጥታዊ ርክብ ዝነበሮም ውልቀ-ሰባት ኣብ ምልላይን (ምርካብ) ዝያዳ ክስረሓሉ እዮም ዝምዕዱ። ሰብ መዚ ጥዕና፡ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ብሕክምናዊ መርመራ ከለልዩን፡ ሕሙም ኮነ ምስኡ ቀጥታዊ ርክብ ዝነበሮም ሰባት ኣለልዮም (contact tracing) ግቡእ ናይ ምውሻብ (quarantine) ወይ ምግላል (isolation) ስጉምቲ ክወስዱን ይግባእ። እዚ እንዳተኻየደ ድማ መልከፍቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ሓባራዊ ዓቕሚ "herd immunity" ኩብጻሕ፡ ወይ ድማ ክታበት ኣንጻር እዚ ሕማም ክምስራሕ ይከኣል እዩ።

*ምምስራሕ ክታበት ኣዝዩ ኣድካምን፡ ብዙሕ ጻዕርን ግዜን ዝወስድ መስርሕ ከም ምዃኑ መጠን ኣብዚ እዋን ቅጽበታዊ ፍታሕ ከምጻ ትጽቢት ኣይግበረሉን።

## ድሕሪ ለበዳ ሕማም ዘሎ ተርእዮታት

ድሕሪ ለበዳ ሕማም፡ ኣብተን ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ሃብታም ተሞክሮ ዘለወን ሃገራት ሓድሽ መልከፍቲ ሕሙማት ካብ ዕለት ናብ ዕለት እንዳጎደለ ክኸይድ ይርአ። እዚ ምጉዳል መልከፍቲ ሓደሽቲ ሕሙማት ዋላ'ኳ ምቁጽጻር ለበዳ ሕማም ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘመልክት ይኹን እምበር 2ይ ማዕበል ለበዳ ንኸየጋጥም ውሕስነት ዝህብ ክሳብ ዘይኮነ፡ኩሉ ግዜ እኹል ምድላዋትን ግቡእ ጥንቃቐን ክውሰድ ይግባእ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ እኹል ሓበሬታ ምእካብን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ምልውዋጥን ክህሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ማዕበል ለበዳ ሕማም ዋላ'ኳ ናይ ኣዋርሕ ፍልልይ ክህልዎም ዝኽእል እንተኾነ፡ ኣብ መጀመርታ መዓልታት ምዕጻው (lockdown) ዝለዓለሉ ክረኣይ ዘሎ ተኽእሎ ግና ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

መብዛሕትኡ እዋን ምቁጽጻር ሕማም ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ክወርድን፡ እቲ ጠንቂ ሕማም ዝኾነ ቫይረስ ድማ ከም ወቕታዊ ኮይኑ ክመላለስን ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት ሃገራት መልከፍቲ ናይ ምቁጽጻር ዓቕመንን ለበዳ ንምክልኻል ዘለወን ምድላዋተንን ቅሩብነትን እዋናዊ (updated) ክኸውን ይግባእ። ናይ ሕውየትን ግምገማን ግዜ (recovery & evaluation phase) ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ደረጃታት ለበዳ ሕማም፡ ሃገራት ኮነ ካልኦት መሻርኽቲ ብዛዕባ ለበዳ ሕማም ክጽበይዎ ዘለዎምን ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታትን ኣቐዲሞም ክስተውዕሉ ኣዝዮም ሓገዝቲ እዮም። እዚ ዓይነት ኣካይዳ ዋላ'ኳ ግዜ ዝወሰደ ኣሰራርሓ ይኹን እምበር፡ ብመሰረት ኣብ 2005 ዝተዘርግሐ መርሓ-ሕንጻጽ (guideline) ነፍሲ ወከፍ መድረኽ ለበዳ ሕማም ዓለምለኻዊ ትርጉም ተዋሂብዎ ተግባራዊ መወከሲ ይኸውን። እዚ ይኹን ደኣ እምበር፡ ሃገራት ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ናይ ለበዳ ክህልዋ ድማ ባህርያዊ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሃገራት ንውልቃዊ ኩነታተን መሰረት ብምግባር ዝተፈላለየ ደረጃታት ለበዳ ሕማም ክእውጃ (ክውስና) ይኽእላ።

ንኣብነት፡ ሓንቲ ሃገር ኣብ ውሽጢ ዓዲ፡ ዶባት ወይ ድማ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎ ዝርግሐ ሕማም ብምጽናዕ ተኽእሎታት ለበዳ ክትውስንን ዘድሊ ስጉምትታት ክትወስድን ምሉእ ሓላፍነት ይህልዋ።

## ምልውዋጥ ደረጃታት ለበዳ ሕማም

መድረኽ ለበዳ ሕማም ብግምታዊ ኣካይዳ ዝውሰኑ ዘይኮኑስ፡ ሃገራት ኣብ ምቁጽጻር ለበዳ ሕማም ክወስድኦ ዘለወን ቅድመ ምድላዋት (መረዳእታ) ንምሃብ ዝዳሎ ኣገዳሲ መቃን-ግዜ (time frame) እዩ። ዋላ'ኳ ኣብቶም ዳሕረዎት ደረጃታት፡ ተኽእሎ ለበዳ ኣዝዩ ዓቢ ይኹን እምበር፡ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ደረጃታት ግና ንምግማቱ ኣጸጋሚ እዩ።

እንተኾነ ግና ኩሉ ኩነታት (ተርእዮታት) ናብ ለበዳ (ካልኣይ ማዕበል) ይምዕብል ኢልካ መደምደምታ ክትህብ ከምዘይከኣል ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

ምቁጽጻር ለበዳ ሕማም ኣብ ኣዝዩ ጽቡቕ ኩነታት እኳ እንተሃለወ፡ መልከፍቲ ኣብ መጀመርታ ደረጃ ከሎ ንኽትረኽቦ ዘሎ ተኽእሎ ግና ኩሉ ግዜ ጸቢብ እዩ። ንኣብነት ምልክትን ነጸርታን ሕማም ጉንፋዕ ፍኹስ ዝበሉ ምስዝኾኑ፡ መልከፍቲ ሕማም ግና ዓለም ለኻዊ ዝርግሐ ሒዙ ኣብ ደረጃ ለበዳ ክበጽሕ ይኽእል'ዩ። ስለዚ መልከፍቲ ሕማም ካብ ደረጃ-3 ናብ ደረጃ 5 ወይ 6 ክነጥሩ ተኽእሎ ኣሎ ማለት እዩ። ምቁጽጻር

መልከፍቲ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ምስዝህሉ ድማ ደረጃ-4 ናብ ደረጃ-3 ይወርድ።

ምልውዋጥ ደረጃ ለበዳ ሃገራት፡ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና (WHO) ዝውስኖ ኮይኑ፡ ብዝተኣከበ እኹል ሓበሬታ መሰረት ድማ ተግባራዊ ይኸውን።




ዶር. ዮናስ ተስፋጋብር (ሓፈሻዊ ሓኪም)
መሓሪ ዘርኢጋብር (ፋርማሲስት)

ግንቦት 10, 2020

ምፍኳስ ማሕበራዊ ቀይድታት ብመንጽር ተኽእሎታት 2 ይ ማዕበል ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19

Exiting the lockdown (social restriction measures) and the possibilities of 2nd wave COVID-19 pandemic

<table>
<tr><th></th><th>ተኽእሎታት ለበዳ ሕማም</th><th>ሓጺር መግለጺ</th><th>ለበዳ ሕማም ዘለዋ ሃገር እትወስዶ ስጉምቲ</th><th>ለበዳ ሕማም ዘይብላ ሃገር እትወስዶ ስጉምቲ</th></tr>
<tr><td>1 ይ መድረኽ</td><td rowspan="3">ርጉጽ ዘይኮነ</td><td>ካብ እንስሳ ናብ ሰብ መልከፍቲ የለን</td><td colspan="2" rowspan="3">ሓንቲ ሃገር ንዓኣ ብዝጥዕም መንገዲ መደባት ምክልኻል ለበዳ ሕማም ትነድፍን ተግባራዊ ግብረ-መልሲ ትህብን</td></tr>
<tr><td>2 ይ መድረኽ</td><td>መልከፍቲ ሕማም ካብ እንስሳ ናብ ሰብ</td></tr>
<tr><td>3 ይ መድረኽ</td><td>ብዝሒ ዘለዎ መልከፍቲ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ</td></tr>
<tr><td>4 ይ መድረኽ</td><td>ማእከላይ-ዝለዓለ ተኽእሎ</td><td>መልከፍቲ ሕማም ኣብ ሕብረተሰብ (ኮም)</td><td>መልከፍቲ ሕማም ቅልጡፍ መግትኢ ይግበረሉ (containment)</td><td>ለበዳ ሕማም ንኸየጋጥም ድሉውነት ተርኢ (readiness for pandemic response)</td></tr>
<tr><td>5 ይ መድረኽ</td><td>ዝለዓለ-ርጉጽ ተኽእሎ</td><td>መልከፍቲ ሕማም ኣብ ክልተ ሃገራት (one WHO region)</td><td rowspan="2">ብመሰረት ሃገራዊ መደባት ግብረ-መልሲ ተግባራውያን ይኾኑ</td><td rowspan="2">ግብረመልሲ ንኣንጻላልዩ ዘሎ ለበዳ ሕማም</td></tr>
<tr><td>6 ይ መድረኽ</td><td>ለበዳ ሕማም</td><td>መልከፍቲ ሕማም ኣብ ካልእ ሃገራት (another WHO region)</td></tr>
<tr><td colspan="2">ድሕሪ ጥርዚ መልከፍቲ ሕሙማት</td><td>መልከፍቲ ሕማም ክጎድል ጀሚሩ</td><td>ግምገማ ግብረ-መልሲ፡ መድደባት ሕውየትን ምቅርራባት ን 2 ይ ማዕበልን</td><td rowspan="3"></td></tr>
<tr><td colspan="2">ድሕሪ ሓድሽ ማዕበል ሕማም</td><td>መልከፍቲ ሕማም እንደገና ይውስኽ</td><td>ግቡእ ግብረመልሲ</td></tr>
<tr><td colspan="2">ድሕሪ ለበዳ ሕማም</td><td>መልከፍቲ ሕማም ኣብ ኣዝዩ ዝተሓተ (ንቡር) ደረጃ</td><td>ግምገማ ግብረ-መልሲ፡ ምምሕያሽ መደባት፡ መደባት ሕውየትን</td></tr>
</table>